# ሰንበት ዘፍሬ 2

## መስከረም 12 2014 ዓ.ም. (9/22/2024)

## ኣብ ግራት ኣምላኽ ክንዓዪ ጽዉዓት ኢና!

**መዝሙር:** እኩት ኣንተ ወስቡሕ ስምከ ወዓቢይ ኃይልከ. . . . ኦ ጎይታይ ንፍሬ ምድርኻ ባርኽ ብኽረምቲ ብበረኸትካ እትኸፍት ጎይታ ከማኻ ዝበለ ጻድቕን መሓርን መን ኣሎ? እታ ጠምያ ነራ ዝጸገበት ነፍሲ ካብ ሞት ድኂና ትባርኸካ ኣላ፥ ኣብ ሰማይ እትቕመጥን ብትሑታት እትባረኽን ምስጉን ንስኻ ኢኻ። ስምካ ንኡድ ክእለትካ ድማ ዓቢይ እዩ። ንስኻ ኢኻ ንሰንበት ዕረፍቲ ገርካ ዝሰራዕካን ንኹሉ ዘዝግብኦ ምግቢ ዝሃብካዮን።

**ንባባት:** ፊሊጲ. 1፡20-27፥ ያዕ. 5፡1-10፥ ግ.ሓ.19፡21-ፍ፥ ማቴ 20፡1-16.

**ምስባክ:** ምድርኒ ወሃበት ፍሬሃ፥ ወይባርከነ እግዚአብሔር ኣምላክነ፥ ወይባርከነ እግኢአብሔር። ምድሪ ፍሬኣ ትህብ፥ እግዚአብሔር ኣምላኽና ይባርኸና፥ እግዚአብሔር ክባርኸና እዩ። መዝ. 85፡12።

ካብ 9-15 መከረም ዘሎ ዘመነ ፍሬ ይብሃል። ኣብ ሃገርና ኣብዚ እዋን ኩሉ ሸዊቱ መሬት ፍሪኣ እትህበሉ ሓረስታይ ፍረጻምኡ ብግሁድ ተስፋ ዝርእየሉ እዋን እዩ። ኩሉ ዝሓረሰ ኣብ ግራቱ ብዓቢ ጻዕሪ ዝወፈረሉን ዝተግሃሉን እዋን እዩ፥ ሎሚ ሰብ ኣብ ገዛ ኣብ ዓዲ ክትረክብ ቀሊል ኣይኮነን ኩሉ ኣብ ስራሕ ተጸሚዱ እዩ ዝርከብ። ምስ እዚ ኣተሓሒዝና ኣብ መንፈሳዊ ሕይወትና ክንርእዮ ከሎና ዝያዳ ዕግበት ክህበና ይኽእል። ኩልና ኣብቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ወፊርና መንፈሳዊ ፍረ ክነፍሪ ክንዓዩ ድላይ ኣምላኽ እዩ።

ናይ ሎሚ ወንጌል ንባብና ነዚ ሓሳብ ብኸመይ ክንርድኦን ክንምልሰሉ ከም ዘሎና ይነግረና። ንማቴዎስ ወንጌላዊ ክንርድኦ ናይ እቶም ቀዳሞት ክርስትያን ድሕሪ ባይታ ታሪኽ ክንርኢ የድልየና። እቶም ንብዙሕ ሰዓታት ኣብቲ ግራት ዝሰርሑ እቶም ንምሉእ መዓልቲ ኣብ ሃሩርን ብርቱዕ ስራሕ ክሰርሑ ዝውዓሉ፥ ህዝበ ኣይሁድ እዮም። እቶም ድሒሮም ኣብ ሥራሕ ዝወፈሩ ኸኣ እቶም ኣረማውያን ዝነበሩ እዮም።

መልእኽትን ትሕዝቶን ናይ እዚ ወንጌል ነቶም ኣይሁድ ዝምልከት እዩ ምኽንያቱ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣረማውያን ዝነበሩ እሞ ክርስትና ዝተቐበሉ በቲ ዝረኸብዎ ጸጋ ኣይተሓጎሱን። ማቴዎስ ሓደ ካብቲ ንኢየሱስ ዝተጓነፎ ዘሕዝን ነገር ዝነግረና ናብቶም ናቱ ዝኾኑ መጽኣ ግን ኣይተቐበልዎን ይብለና። ሽው ናብቶም ኣረመን ከይዱ ብጽቡቕ ተቐቢሎሞ ንሱ ኸኣ ኩሉ ጸጋታት መንፈስ ቅዱስ ከም ዝቕበሉ ገርዎም። ብሓቂ ክንርእዮ ከሎና እቲ ዝተባህለ ዳሕሮት ቀዳሞት ቀዳሞትውን ዳኅሮት ኪኾኑ እዮም ኣብ ሓቂ ተራእዩ።

ነዚ ናይ ሎሚ ወንጌል ምስዚ ዘሎናዮ ዘመን እንተ ረኣናዮ ዘይቅኑዕ ኣገባብ ኢና እንብሎ፥ ነቶም ክሰርሑ ዝወዓሉ ዝተዋህበን ነቶም ቁርብ ሰዓታት ዝሰርሑ ዝተዋህበ ሓደ ዓይነት ስለ ዝኾነ ቅንዕና

ጎዲሉ መሰል አይተሓለውን ንብል ምኽንያቱ አተሓሳስባና መጠን ዝሰራሕካዮ መጠኑ ኢና ክንክፈል እንደሊ፥ እቲ አከፋፍላ ከምኡ እንተ ዘይኮይኑ ዓመጽ እዩ ንብል።

ምሉእ ትሕዝቶ ትምህርትን ናይ እዛ ምሳሌ ብዛዕባ ርትዒ ሓቂ እዩ። ክንርድአ ጸገም እንተ አልዩና አብቲ ናይ ኢየሱስ ትምህርቲ ጸገም አሎና ማለት እዩ። አብ ኢሳያስ 55፡6-9 ከምዚ ዝብል ነንብብ ተመለሱ ናብ እግዚአብሔር ጸልዩ፥ ቀረባ ኸሎውን ጸውዕዎ፥ ኃጥአን መገዶም ዓመጸኛታት ከአ ሓሳቦም ይኅደጉ፥ ናብ እግዚአብሔር አምላኽና እውን ይመለሱ፥ ንሱ ኺምሕሮም አዝዩ ኸአ ይቕረ ኺብለሎም እዩ፥ እግዚአብሔር ከምዚ ይብል አሎ ሓሳባተይ ከም ሓሳባትኩም አይኮነን፥ መንገድታትኩም ከአ ኻብ መገድታተይ ፍሉይ እዩ፥ ከምቲ ሰማይ ካብ ምድሪ ልዕል ዚብል መገድታተይ ካብ መገድታትኩም ሓሳባተይ ኻብ ሓሳባትኩም ልዕል ዝበለ እዩ።

አብዚ እንርእዮ ነዚ ምሳሌ ብፍሉይ አረአእያ ክንርእዮ ከምዘሎና እዩ ዝሕብረና። ናይ እግዚአብሔር ሓቂ ወይ ርትዒ እንታይ ምዃኑን ከምዝመስልን ክንምሃር አሎና። ካልእ ስም ንናይ እግዚአብሔር ርትዒ ምሕረትን ርሕራሔን እዩ። አብ ቅድሚ ዓለም ክንርእዮ ከሎና አብ ገለ እዋን ዘይቅኑዕ ኮይኑ ክርአየና ይክእል እዩ። አብቲ ምሳሌ እቲ ቀንዲ ነጥቢ እቶም ብዙኅ ዝሰርሑ ከምቲ ዝሰርሕዎ አይተኸፍሉን ዝብል ዘይኮነስ እቶም ዳኅረዎት ልክዕ ሓደ ዓይነት ክፍሊት ከምዝተኸፍሉ ንምሕባር እዩ። አብዚ ነገራት ከምቲ ንሓደ ግለሰብ ብዘድልዮ ተለኪዖም ዘይኮነ ከምቲ ዘድሊ እዩ ተራእዩ ዘሎ። ኩሎም ቀዳሞት ይኹኑ ዳሕረዎት ሓደ ዓይነት ናይ አምላኽ ሓልዮትን ፍቕርን የድልዮም ነፍሲወከፍ ከአ ብምልኡ ይቕበሎ።

ስለዚ አብክንዲ ንአምላኽ ከምዚ ዘይገበረ ኢልካ አብ ክንዲ ምዝራብ ብልቢ ክነመስግኖ ይግባእ። አብ ገለ እዋን አብ ሕይወትና ከቢድን መሪርን ናብራ ዓለም አሕሊፍና ደኺምና ተቓሊስና ሕይወትና እና አሕለፍና ከሎና ሓደ ሕማቕን ዘይስሩዕን ውዱቕን ሕይወት ዝመርሐ ዝነበረ እሞ አብ መወዳእታ አብ ልቡ ተመሊሱ ተነሲሑ እንተ ሞተ ብዙሕ ርትዒ ከምዘይተገብረ ክንሓስብ ንኽእል ኢና። እንተ ኾነ ድላይ አምላኽ ካብ መጀመርያ ይኹን አብ መጨረሻ ንመንግስተ ሰማይ ዘእቱ ንስሓን ግብርን ክህልወና እዩ ዝደሊ። ብዙሕ ሰሪሕና እንውስኾ ውሑድ ሰሪሕና እንጕድሎ ነገር የለን። ነገር አምላኽ ንሕና ብእንገብሮ አይቅየርን እዩ።

ካብዛ ምሳሌ ነዚ ዝስዕብ ነገራት ክንምሃር ይክእል፡

1. አብ ግራቱ ክንዓዪ ዘፍቀደ አምላኽ ምስጋና ይግብኦ። አምላኽ ብፍሉይ ንነፍስ ወከፍና አብ ግራቱ ክንዓዪ ክነበርክት ሓርዩና እዩ። ከምቲ ካብ ኩሎም ዓበይትን ጀጋኑን እንከለዉ ንዳዊት አንጻር ጎልያት ክዋጋእ ዝሓረዮ፥ ማርያም አደ አምላኽ ክትከውን ካብ ኩለን አንስቲ ዝሓረያ፥ ንጴጥሮስ ማንም ገፋፍ ዓሣ መራሕ ቤተ ክርስትያን ክኸውን ዝሓረዮ ንነፍሲ ወከፍና ኸአ ንፍሉይ ጸዋዕታን መልእኽቲ አምላኽ ክነብጽሕ ሓርዩና እዩ። እዚ ኹሉ ዝሕብሮ አምላኽ ነቶም ዝደልዮም ብናቱ መገዲ ከም ዝመርጽ እዩ፥ ክገርመና የብሉን ከመይ አመራርጻ አምላኽ ከም አመራርጻና ስለ ዘይኮነ።

2. አብ ዝኾነ እዋን አብ አምላኽ ክንምለስ ጽዉዓት ኢና፡- ምኽንያቱ አምላኽ አብ ዝኾነ እዋን ካብ ኃጢአትና ተጣዒስና ክንምለስ እንከሎና ይቕበለና እዩ። ከምቲ አብ ሕይወት ኢየሱስ ደጋጊሙ ዝተገልጸ ሓደ ኃጥእ ካብ ኃጢአቱ እንተ ተመልሰ ወላ ስዓት ዓሰርተ

ሓደ ይኹን ማለት ኣብ መጨረሻ ሕይወቱ ኣብ ዝኾነ እዋን ኣምላኽ ይቕበሎ እዩ። ኣምላኽ ብዛዕባ ዝሓለፈ ሕይወትና ዝርኢ ሓጺር ተዘክሮ እዩ ዘለዎ። እዚ እዩ ሓደ ካብቲ ብዝያዳ ክነመስግኖ ዝግብኣና። ኣምላኽና ሓዳግ ኣምላኽ እዩ።

3. ካልኦት ኣብ ግራት ኣምላኽ ምሳና ክዓዩ ክነፍቅድ ድላይ ኣምላኽ እዩ። ኣብ ግራት ኣምላኽ ምንፍፋግ የለን። ብክርስትያናዊ ጉዕዞ ሕይወት ክንርእዮ ከሎና ዘገርም እዩ እናስዓብናዮ ከሎና ነቶም ኣብ ኃጢአትን ኢሚራላዊ ሕይወት ዝነብሩ ሰባት ንከስሮም። ምሳና ስለ ዘይተጓዕዙ ንወትሩ ኰኑናት ገርና ንወስዶም ማዕጾ ኣፍደገ ሰማይ ክዕጾዎም ንደሊ እንተ ኾነ ትምህርቲ ወንጌል ዘስተምህሮ ሓቅን ፍቕርን ሕያውነትን እዩ፥ ኣብ ምክፋልን ኣብ ርትዕን ዝነብር ሰብ ጥራሕ እዩ ንሓቀኛ ሓጎስ ዝነብር ንኻልኦት ኣሕዋቱ ከአ ኣብቲ ንሱ ዘለዎ ክመጽኡ ብዘይ ዝኾነ ንፍገት ይጽውዕ። ኣብ ኃጢአት ዝነብር ሰብ ሕይወቱ ብዙሕ ጊዜ ኣብ ሓሳዊ ዝኾነ ነገር መሰረት ገሩ ንሓጎስ ደስታን ኣብቲ ዘይሓቀኛ ነገራትን ተግባራትን ክረክብ ይጽዕር። ንሕና ግን ኣብ ክርስቶስ ኣብቲ ሓቀና መገዲ ዝኾነ ኢና ክንክተል ጽዉዓት።

4. ኣምላኽ ንኹልና ብሓደ እዋን ኣይጽውዓናን እዩ። ገለ ካብ ንእስነቶም ጥምቀት ምስተቐበሉ ኣብ ዕዮ ኣምላኽ ይወፍሩ። ገለ ኣኽአ ኣብ ሸዊት ዕድሚኦም ንኡሳን ከለዉ ገለ እውን ኣብ ሓዳር እንከለዉ ገለ ኸአ ድሒሩ ዝጽውዖም ኣለዉ። ገለ ሰባት ከምቶም ንግሆ ዕዮ ዝጀመሩ እዮም ገለ ኸአ ከምቲ ፈያታይ ዘየማን ከአ ኣለዉ። ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍና ፍሉይ መደብ ኣለዎ። ገለ ካባና ዝተፈለ ጸጋ ሃብቲ፥ ጥዕና፥ ክእለት እንተ ሃቦም ዝያዳና ይፍቀሩ ማለት ኣይኮነን። ከምቲ ሓደ ወላዲ ምስ ነፍሲ ወከፍ ደቁ ዝተፈላለየ ርክብ ዘልኦ እዩ። ምስ ነፍሲ ወከፍና ብፍሉይ ይራኸብ ምኽንያቱ ኣምላኽ ከምቲ ንሱ ዝደልዮን ንኣና ብዝጠቅምን ብፍሉይ ይራኸበና።

5. ኣምላኽ ኣብ ግራቱ ክንዓዪ ይዕድመና። ነቶም ኣብ ወንጌል ዝረአናዮም ሰራሕተኛታት ካብኦም ዝተደለ ክሰርሑ ፍቓደኛታት ምኻን ጥራሕ እዩ ንሱ ኽአ ኣብ ግራቱ ክሰርሑ ዓዲምዎም፥ ንኣና እውን ብዙሕ ጊዜ ይዕድመና እዩ፥ ከም ሳሙኤል ነብይ እነኹ እስምዓካ ኣሎኹ ተዛረብ፥ ዝበሎ ንሕና እውን ከምኡ ክንብል እዩ ዝድለ ዘሎ። ብብዙሕ መገዲ እዩ እቲ መጸዋዕታ ስለዚ ኣለሊኻ ምኽአል። ጎይታይ እንኾ ጥራሕ ይኹን መልስና።

6. መጨረሻ ትምህርቲ እንምሃሮ ካብዛ ምሳሌ ሕያውነት ኣምላኽ እዩ። እዞም ሰባት ሓደ ዓይነት ስራሕ ኣይሰርሑን ግን ሓደ ዓይነት ተኸፊሎም። ህያብ ኣምላኽ ብዘይተጸበናዮ ጊዜን ብዘይተጸበናዮ ኣገባብን ይመጽኣና፥ ተራና ብኽፉት ልቢ ምጽባይ ጥራሕ እዩ፥ ሽዑ ንድምጺ ኣምላኽ ኣለሊና ክንክእል ኢና። ከምቲ ደሞስዜኔስ ዝተባህለ ዘስተምህሮ ንኣሽቱ ዕድላት ፈለምቲ ንዓበይቲ ዕድላት እዮም ካልእ እውን እቲ ንመርከብ ጥራሕ ዝጽበ ሰብ ኩሉ ጊዜ ንሱ እዩ ንጃልባ ዘሕልፋ ይብሃል። ኣብ ንኣሽቱ ነገራት ንኣምላኽን ምሕረቱን ኣለሊና ክንክእል ኣሎና።

ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ሰብ ፊሊጲስዩስ ነቶም ኣብ ሰሜን ግሪኽ ዝነብሩ ዝነበሩ ኣብ ዝጽሓፉ ብዛዕባ ክርስትያናዊ ነጻነት እንታይ ምኳኑ ይገልጽ። ነዚአ መልእኽቲ ክጽሕፍ እንከሎ ጳውሎስ ኣብ ቤት

ማእሰርቲ እዩ ነሩ ምናልባት ብክርስትያናዊ እምነቱ ምኽንያት ክቕተል እውን ይክእል እዩ። ዝኾነ ይኹን ንሱ ቅሩብ እዩ፡

ከምቲ ኵሉሳዕ ሕጂውን እንተ ኾነ እንተ ብሕይወት እንተ ብሞት ንክርስቶስ ብትብዓት ከኽብሮ እየ፥ ከመይ ንአይ ሕይወት ማለት ክርስቶስ እዩ፥ ሙማት ከአ ረብሓይ እዩ፥ ብሕይወት እንተ ደአ ኽነብር ኮይነ ግና ፍረ ዘለዎ ዕዮ አሎኒ ማለት እዩ። ነየናይ ከም ዝመርጽ ግና አይፈልጥን እየ፥ ብኽልቲኡ ወገን እጭነቕ አሎኹ፥ ዚሕሸኒ ስለ ዝኾነ ግና ካብዚ ተፈልየ ምስ ክርስቶስ ክኸውን ሃረርታይ እዩ እንተኾነ ንአኻትኩም ምእንቲ ክሕሸኩም ብሕይወት ምጽንሐይ የድሊ እዩ (ፊሊ. 1፡20-24)።

እዚ ቃላት ጳውሎስ ናይ ሓደ ብምሉእ ንድላይ አምላኽ ክገብር ፍቓደኛ ዝኾነ ብምሉእ ንመገዲ አምላኽ ዝኽተል አብ ኩሉ ራእዩ ድለት አምላኽ ሓዊሱ ዝኸይድ ዝበለጸ አብነት እዩ። እዚ ክግበር እንከሎ ተቐባሊ ጥራሕ ዘይኮነ ተሳታፊ ናቱ ተራ እውን ክጻወት አለዎ እምበር ንላዕሊ ጠሚትካ ካብ አምላኽ ጥራይ ምጽባይ ማለት አይኮነን።

በዚ ብሩኽ ሰንበት አምላኽ አብ ሕይወትና አብቲ ዝድለ ነጻነትና ሕያውነትና ክንርከብ ንለምኖ። እዚ ኸአ እዩ ምስጢር ናይ ሓቀኛ ሓጎስ። አብ ግራትካ ከምቲ ንስኻ እትደልዮ ክንዓዪ ዝሓረኻና ነመስግነካ አሎና። ድላይካ ክነለሊ ፍቓድካ ክንፍጽም ጸጋን ሓይሊ ሃበና ንበሎ።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ